# <u>ካብ በሃሊኡስ ደጋሚኡ</u>

ክቡራት ኤርትራውያን ዜጋታት ናይ ሎሚ ጽሑፍና ናይ ዞባን ናይ ክንፍታት ዓለም ዝጽዋዕ ጊጉይ አበሃህላ ዝጠመተ ክኸውን ኢዩ።ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ መላእ ዓለም ዘሎና፤ ኤርትራ ሀገርና ከም ሐንቲ አካል ክፍለ ዓለማትና መጠን፤ ከም ኵለን ብብሔራትን ብሔረሰባትን ዝቆመት ሀገር ኢያ።እዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ናይ ጥንቲ መጸዊዒአ ምድሪ ባሕሪ ወይ ምድረ ሐማሴን ተባሂላ ትጽዋዕ ከም ዝነበረት ብብሂልን ገለ ጽሑፋት ዝፍለጥ ኢዩ። ካብ መበል 1882 ንድኅር ግን ኤርትራ ዝብል ስም ለቢሳ። ኤርትራ ዝብል ስም ካብ ቋንቋ ግሪክ ኤርትሪዮስ ዝብል ቃል ዝመጸ፤ ትርጉም ቀያሕቲ ዓሳታትን ቀይሕ መሬትን ቀይሕ ውሕጅን ከም ዝድምር እቶም ነዚ ባሕሪዚ ኰነ ንመሬትን ሕዝብን ስም ዝሃቡ ነጋዶ ይዛረቡ።

ቱርካውያን እንተኾነ እውን አብቲ ወራራቶም ዘካይድሉ ዝነበሩ እዋናት ንሕዝብና <u>አራብ</u> ብዝብል ቃል ቱርኺ ከደረዎት ወይ ከደሮት ዝትርጉሙ ሒዞም ይጽዉዑና ከም ዝነበሩ ናይ ሎሚ ቱርካውያን ይዛረቡ።አብ ጊዜ ውራራቶም ብናይ ቱርኪ ናይባት ሕጻውንቲ በቂ አንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን እናሰረቁ ይሸጡ ከም ዝነበሩ ዝፍለጥ ኼይኑ፤ ናይዚ አስር ብአራብ ዝፍለጡ አብ ከባቢ ኢስታንቡልን አብ አንታልያን (3)ሠለስተ ዓድታት ዝኾኑ ገባሮ ነንሕድሕዶም ዝዋሰቡ ኤርትራውነቶም ዝፈልጡ ከም ዘለዉ ይዝረብ።

ካብዚ ሓሊፉ እውን በዞም ናይባት እዚአቶም እናተሰርቁ ዝሸየጡ ዝነበሩ ካብ ሀገራት  ኣዕራብ፤ ንቱርኪ ካብኡ ክሳብ ናብ ናይ ሩስያ ጻራት ዝተሸጡ ንሳቶም ዝፈረይዎምን አስታትን 5 ሽሕ ሥድራቤታት ኤርትራውያን ከም ዘለዉ ይዝረብ፤ ካብዚአቶም እቲ ፍሉጥ ዝኾነ አብርሃም ዘሃኒባል ኢሉ ንአፍሪቃውነቱ ንምእማት ዝዛረብ ዝነበረ ወዲ ባሕረ ነጋሲ ይስሃቕ ዝኾነ ናይ ሩስያ ናይ መራክብ ወደብ ኰነ ድልድላት ኣብ ጸሊም ባሕሪ ዝሠርሔን፤ወዲ ጓል ጓሉ ዝኾነ ፑሽኪን ከአ ንቋንቋ ሩስያ ብስነጽሑፍ ዘማዕበለ ዝርከብዎም ኢዮም፤ እዚ አብቲ 1958 ዓ/ም/ ዝመጸ ኢትዮፒያን ሐራልድ(Ethiopian Herald) ምስ ስእሉ ብፓንክራስት ተመዝጊቡ ብጽሑፍ ዝተዘርግሔ ክትርእይዎ ይከአል።

ድኅሪዚ ኵሉ ወራሪ ኃይሊ ጣልያን ከአ ነቲ ኃይሉ እናአስፋሕፍሔ ብዝከደ መጠን ነቲ ስም ባሕሪ ከም ስም መጸውዒ መሬት እውን ተጠቕመሉ።ብእኡ ከአ ንጽዋዕ አሎና።

ክቡራን ኤርትራውያን ዜጋታት ሀገርና ኤርትራ፤አብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻር ጣልያን ምስ ወደቀት፤ እቶም ናይ ሽዑ ምሁራት ታልያናውያን ነቲ አቒዋውማን አማሓዳድራን ብሹመኛታት ዓድን ልዕሌኡን ምስ ተገንዘቡ፤ ብዙሕ ተደኒቆም፤ “ንሕና ካብዚአቶም ንምህሮ እምበር ንሕና ነዚአቶም ክንህቦም አይንክእልን ብማለት ንሀገርና ኤርትራ በቲ ልምዳን ሕጋን ፤ብሾመንተ (8) አውራጃታት የማሓድሩዋ ከም ዝነበሩ ኵሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ድኅሪ ምውዳቕ ናይ ፋሽሽታዊት ጣልያን እውን እንግሊዝ ነቲ ብመንግሥታታ   ዓ ለም ዝተዋህቦም ሞግዚትነት ተቐቢሎም ንኤርትራ ከምቲ ዝጸንሖም ብ8 አውራጃታት ከይተንከፉ ብምቅጻል ን10 ዓመታት ዝአኽል ኢዮም ዘማሓድሩዋ ዝነበሩ።

ብእንግሊዝ ኰነ ካልኣት ሀገራትን ናይ ሽርሒ ተንኰል እቲ ሞግዚትነት ተአልዩ ፈደረሽን ምስ ወደቀ እውን እንተኰነ ኣብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምስ ወደቐት እውን እንተኰነ ከምቲ ዝነበረቶ ክሳብ ዕለተ ስዕ ረታ ብ24.05.1991 ተማሃድራ ከም ዝነበረት ኵሉ ኤርትራዊ ዝፈልጦን ዝምስክሮን ኼይኑ፤

ሎሚ ኩር ተገልበጥ ብደቃ ክትምሓደር ምስ ጀመረት ግን ከየወዓለት ከይሐደረተብ ክንዲቲ ልምዳውን አባታውን ሕግታትናን እትመሐደር፤ ነዚ ታሪኽና ሓቊፉ ዝጸንሐ  ድሑር ኢዩ ብማለት ብ6 ዞባታትን 12 ንኡስ ዞባታትን ፈናጢሖም ንአና ብተናጸል ንምርጋጽና ንክጥዕመሎም ንአና ብምጉዝዛይ ባህልን ልምድን ያታዊ ሕብረተሰብና አፍሪሶም፤ በቲ ንአታቶም ዝጥዕሞም አብ ክንዲ ብአውራጃታትና እንጽዋዕ ዞባ ደቡብ ዞባ ሰሜን ዞባ ማእከል ዞባ ምብራቕ ዞባ ምዕራብ ወዘተ እናተባህለ ንሕዝብና አብ ጋን አእትዮሙዎ ይርከቡ።

አቦታትን አዴታትን ብዘይዓበይሉን ዘይፈልጥዎን ደቡብ ሰሜን ምብራቕ ምዕራብ ማእከል ወሰን እናተባህለ ባህሉን ልምዱን ንከይፈልጥን ንከየማዕብልን፤ ከምቲ በብአውራጃኡን በብሃይማኖቱን ዓሌቱን ተኸባቢሩ ንመዋእላት ዝነብር ዝነበረ ሕዝቢ፤ እሞ እቶም ብሓንሳብ ዝተሰዉኡን ዝወደቁን ንዝኾነ ወራራት ባዕ ዳውያንን ገዛእትን ብናይ ገዛእ ርእሱ ምትሕብባርን ሓድነት መኪቱ ዝአተወ ሕዝቢ፤ አሰር ቦታቱ እውንብጊዜ ቃልሲ ንኹሉ ወራራት አምኺኑ ዝአተወ ኃይሊ፤ <u>ሕጂ ሞት ከም አዳም ከዕርፍ አብ ዝበለሉ፤ሰዓት</u> ነቲ ታሪካዊ ጉዕዞ ሠንሰለት ጊዜ ትሕዝቶ መሬቱን ምምሕዳሩን አውራጃታቱን ከም ዘሕፍርን ድሑርን ይአዩ ኼይኑስ፤ አብ ክንዲ ብአውራጃኡን ወረዳኡን ዝጽዋዕ ብደቡብ ብሰሜን ብምብራቕ ምዕራብ ብዞባ ዝብል አጸዋውዓ፤

- <u>**ነቶም ጃንዳን አጋፈርቶምን ዕላማን መምርሕን ዝምልከት ድአ እምበር፤ ንአና ንኤርትራውያንን ኤርትራ ሀገርናን ግን ነውራም ጽውጽዋይ ኢዩ።**</u>

- <u>**ብአንጻሩ ግን፤**</u>

- <u>**እዚ ምሉእ ሓሳባትዚ ነቲ ንጹሕ ደም መስዋእቲ ጀጋኑና ዘማራስሕ ጊጉይ ተከትሎ እውን ኢዩ።ስዉአትና ሀገር ንምብትታን አይወደቁን። እንታይ ድአ ብሥኒትን ሓድነትን ብሰላም ንምምሕዳራ እምበር።**</u>

ክቡራን ዜጋታት አብ ላዕሊ ተጠቒሱ ከም ዘሎ ካብ በሃሊኡስ ደጋሚኡ ኼይኑ፤-አብ መራኸቢ ብዙኀንን ኢንተርነትን ሬድዮታት ተቓወምቲ ኃይልታትን፤ ነቲ ናይ ጃንዳ ቃል እናአኪማስዑ፤ ኣብ ክንቲ በቲ ልሙድን ንክንክተሎ እንቃለሰሉ ዘሎና ስም አውራጃታትና ዝጥቐሙ፤ ከም ህግደፋውያን ዝንጥል አቢሎም ዞባ ማእከል፤ ዞባ ደቡብ፤ ዞባ ምዕራብ፤ ዞባ ምብራቕ ክብሉ ክትሰምዖም እንከሎካስ የስደምም።እምበርዶ ነቲ ንቃለሰሉ ዝብልዎ አምር ይርድእዎ ኢዮም ዘብል ሕቶ ከአ ይቀላቀለካ።

ስለዚ ከአ፤- ዓሻ ዝተከሎ ለባም እናይነቕሎ ዝብል አባታዊ ምስላና እንሆ ብተግባር ንርእዮ።

ኦ ክቡራን ዜጋታት ንዓሻ ዝተከሎ፤ ንሕና ከአ ክንብል ዘሎና ዓመጽቲ ዓያሹ ዝተኸልዎ ለባማት ተአኪብና ድአ ታሪኽና ንከነሔድሶ ግድነትና ሓላፍነትናን ምዃኑ ንፈልጥ ንብል። ስለ ዝኾነ አብ ክንዲ ደድኅሪ አድጊ ዝከደስ ጥራጥ ለመደ ዘይኩነስ፤-

ብመንጽሩ በቲ ዘሔብን አባታዊ ያታናን አውራጃዊ አጸዋውዓናን አብቲ ንቡር ቦታኡ ንክንመልሶ ብዙኅ ውረድ ደይብ ዘየድልዮ ሓቂ ስለ ዝኾነ፤ኩልካ ወዲ ሀገር፤ አብ ውሽጥን ወጻእን፤ብሥኒትን ሓድነትን ነቲ መሠረታዊ ናይ መንነትካ መግለጺ ዝኾነ ሕጊ እንዳባን፤ ትሕዝቶ መሬትኻን አውራጃዊ ስምኻን ኣብ ንቡር ቦታኡ ንክንመልሶ ስሙር ቃልሲ ስለ ዘድልየና፤ ኣብ ክንዲ አብ ህግደፋዊ አርዑት ናይ ፖለቲካን ቁጠባን ባህልን ተቿሪንና እንርገጽ፤-

አፉል ንህግደፍ!!
እምቢ ንህግደፍ

አቤት ንመሰል
አቤት ንአባታዊ ባህልታት ኤርትራ፤- እናበልና

እቲ ብሓንሳብ ታሪኽ ዝሠርሔ አብ ሰውራ፤- ከመይ ኢሉ አባና ምስ በጽሔ ኩሉ ባህልን ልምድን ይርገጽ፤- ብውልቓዊ ዕንደራ!!!

ኣብ መጨረሻ፤-
ዓገብ ነቶም ቃላት ህግደፋውያን እተኰምስዑ ዜጋታት ኤርትራ!!!

ሰብ ዝኮርዕ አብ መሬቱ አብ ዓዱ
እኽሊ ዝከብር ኣብ ዓውዱ
ጃንዳ ህግደፍ ምስ ተሳዕሩኸ ናበይ ኢኹም ክትከዱ
ሀዬ ድአ ብሥኒት ህሃድነት ንያታና መክቱ
ንርስቲ ይዋግአላ አንስቲ ሕጂዩ ሰዓቱ!!!!